ስቱር መልእኽቲ
ካብ ፕረሲደንት ኢሰያስ ፈወርቂ
30 ጥሪ 2012 ዓ.ም.ፈ.

ዝተናፈቕካ ብጻይ ቀዳማይ ሚንስተር መለስ ዜናዊ!

ኣቐዲመ ብጻያዊ ሰላምታይ ኣቕርበልካ። ቀጺለ ከኣ ዝተማልአ ጥዕና ንኽህልወካ እምነየልካ።

ነቲ ኣነ ኣምሆ ዘመን ብ1969 ዓ.ም.ፈ. ብ"ሲድ-ፕላንተሽን" ወይ "ነርሰሪ" ዝጽዋዕ ስዉርን ጸረ ሓርነት ኤርትራን ዝኾነ ፕሮጀክት ሲ.ኣይ.ኤ፣ ኣብ ቃኘው ከም ዝጀመርኩዎ፣ ምናልባት ንዓኻ ሕቡእ ኣይመስለንን። ሽዑ ምስቲ ኣባል ሲ.ኣይ.ኤ. ዝኾነ ፕሮጀክት ማናጀር ሪቻርድ ኮፐላንድ ውዕል ኣትየ እየ። ንስኻውን ምስ ስብሓት ነጋን ስዩም መስፍንን ብሓባር፣ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዩኒቨርሲቲ ብወከልቲ ሲ.ኣይ.ኤ. ብስዉር ከምተወደብኩምን፣ ንዓይ ንኽትሕግዙኒ ከኣ ብመደብ ንሜዳ ከም ዝወጻእኩምን እፈልጥ እየ። ካብኡ ንድሓር ድማ ኣብ ውሽጢ ህዝባዊ ግንባር ኣሰልጢነ፣ ምስ ብዓል ወደኮይ ጃማይካ ንዱብ ትግራይ ከምዘዋፈርኩኹም ትፈልጥ ኢኻ። ካብኡ ብሕልፊ ምስ "ስብሓት ነጋ" ወይ ወልደስላሴ ነጋ፣ ብስዉር ኣናተራኸብና ንፍጽሞ ዝነበርና ምስጢራዊ ፍጻሜታት "ኣቦይ ስብሓት" ይዝክርዎ ይኾኑ'ዮም። ካብታ ኣብ 1980 ዓ.ም.ፈ. ርክብ ምስ ጆርጅ ቡሽ ኣብ ካርቱም ዝገበርናላ ዕለትን፣ ካብቲ ቡሽ ዝመዓደና ምዕዶ ተበጊስና ከኣ ንጀብሃ ተላፊንና ዘሕቀቕናላ እዋን ንድሓር ግና፣ እቲ ብስዉር ነካይዶ ዝነበርና ውዲታዊ ስርሓት፣ ኣናተጋህደ ክመጽእ ጀሚሩ። ብ1985 ዓ.ም.ፈ. ምስ ጂሚ ካርተር ኣብ ካርቱም ቀጺልናዮ። እቲ ምስ ካርተር ዝገበርናዮ ስዉር ውዕል ከኣ፣ ንመንግስቱ ሃይለማርያምን ንሶቭየት ሕብረትን ንክንስዕሮም ረዲኡና። ንኢትዮጵያን ኤርትራን ካብ ወተሃደራዊ መንግስቲ ሓራ ምስ ኣውጻኣናየን ከኣ፣ ብ1991 ዓ.ም.ፈ. ምስ ሄርማን ኮሀን ኣብ ለንደን ተራኺብና ስዉር ውዕል ኣቲና። ብ1994 ዓ.ም.ፈ ከኣ ኣብ ከተማ ኬንያ ተኣኪብና: ህዝብና ዘይፈልጦ ስዉር ውዕል ከምዝተወዓዓልና ኣጸቢቕካ ትዝክሮ'ኻ። ነቶም ኣብ ውሽጥና ኮይኖም ክዕንቅፉና ዝኽእሉ፣ እሞ ንብዙሕ ዓመታት ምሳና ዝተቓለሱ ገዳይም መራሕቲ፣ ብወገነይ ጅ15ን ዝብሃሉ ብዓል ጴጥሮስ ሰለሞንን ድሩዕን ዘለዎም፣ ብወገንካ ከኣ ጉጅለ ማለሊት: ከም ብዓል ስየ ኣብርሃን ኣባይ ጸሃየን ወዘተ.. ዝርከቡዎም፣ ብሳላ ኣማኸርትና ስለላ መርበብ ሲ.ኣይ.ኤ. ብዘይ ጸገም ክንኣስሮም ክኢልና። ግን ከኣ እቶም ዓሰብትና ስለዝኣዘዙና፣ ሓላፊ ሃገራዊ ድሕነት ኢትይዕጵያ ክንፈ ገብረመድህን ተቐንጺሉ፣ እቶም ዝተኣስሩ ብጾትካ ግና ካብ ማእሰርቲ ተፈቲሖም፣ **እቶም ብጾተይ ከኣ ኣብ ጉድጓድ መሽሚሾም። እዚ ኩሉ ዝፈጸምናዮ ግፍዒ ከኣ: ኣነን ንስኻን ኣብ ስልጣን መታን ክነብርን፣ እቶም ዓሰብትና ከኣ ስትራተጂካዊ ረብሓ ኣብ ቀይሕ ባህርን ቀርኒ ኣፍሪቃ ብዘይተጻባእቲ ውሽጣውያን ተቓለስቲ ንኽረኽቡ ስለዝተደለ እዩ።** ንተቓወምቲ ውድባት መቕሹሽ እናህብና፣ ብዘረባ ኣንተዘይኮይኑ ብብረት ከምዘይቃለሱና ዝገበርናዮ ስዉር ውዕል፣ ትዝክሮ'ኻ። ንሱ'ኳ ከምቲ ዝሓሰብናዮ ጽቡቕ ይኸይድ ኣሎ።ክሳብ ሎሚ'ውን ኣብ ስልጣን ኣጽኒሑና። ነቲ ዝኽፈልዎ ዘለው ገንዘባዊ ዓስቢ እንተኾነ ከኣ: እንታይ ጸገም ኣሎ: ደይ እቲ ባጀት ኣብ ክልቴና እዩ ዝምቀል። እቲ ጸገም ግና ስቓይን መከራን ህዝቢ ክልቲኤን ሃገራት (ኤርትራን ኢትዮጵያን) እንዳገደደ ይኸይድ ምህላው እዩ። ጥሜት ዳርጋ ከምቲ ኣብ ምዋእል ንጉስ ሃይለስላሴ ዝነበረ፣ ብፍላይ ብወገን ኢትዮጵያ ገዲዱ'ሎ። ስለዚ እቲ ህዝቢ ሓደ መዓልቲ ምስ መረሮ፣ ብቑጣዐ ከምታ ንንጉስ ሃይለስላሴን ንደርግን ዝበጽሓቶም ዕጫ: ንዓና'ውን ብዝሓለፈ ተማሂርና እንተዘይ ተጣዒስና ከምኡም ክትበጽሓና እያ። ስለዚ ከይተዋረድና ከሎና ውሕጅ ከይመጸ መገዲ ውሕጅ ክንጸርግ ኣሎና። ካብዚ ተበጊሰ እምብኣር ነዘን ሕቶታ እዚኤን ብህጹጽ መልሲ ክትልእከለይ ሎሚ ሓደራ።

1ይ) ምኽሪ ጐይቶትና ጥራይ እናሰማዕናዶ ዋላ ትንፈር በጊዕ'ያ እናበልና ነዚ ህዝብና ንብሎ ንህሰዮ (ህዝቢ ኢትዮጵያን ኤርትራን) ኣናፈላለና ብቐጻሊ ንግዝኣዮ?

2ይ) ወይስ ጭቈና ህዝብና ተረዲእና ምኽሪ ወራዚት ዓበይትን ካህናትን ሰሚዕና ስልጣና ንህዝቢ ነረክብ?

3ይ) እንታይ ምግባር ይሕሸና?

ሓደራ መልሲ ብህጹጽ

ምስ ብዙሕ ሰላምታ
ካብ ፕረሲደንት ኢሰያስ ፈወርቂ

<u>ስቱር መልሲ</u>
ካብ ቀዳማይ ሚንስተር መለስ ዜናዊ
<u>30 ጥሪ 2012 ዓ.ም.ፈ.</u>

ዝተናፈቕካ ብጻይ ፕረሲደንት ኢሰያስ ኣፈወርቂ!

ኣቐዲመ ብጻያዊ ሰላምታይ ኣቕርበልካ። ቀጺለ ከኣ ዝሰደድካለይ መልኽቲ ከምዝበጽሓኒ ኣበስረካ። ብዙሕ ከኣ ኣመስግነካ። ቀጺለ ጥዕናኻን ሃለዋትካን ጽቡቕ ንኽኸውን እምነ።

ኵሉ ልበልካዮ ብደምቢ እፈልጠን እዝክሮን እየ። ሕዚ'ማ ልዓርሰይ ጒዳይ ኢትዮጵያ ካብ ዓቕመይ ንላዕሊ ኮይኑኒ። ብስለላ መርበብ ክቃለሶ ፈቲነ ግና በርቲዑኒ። ብፍላይ ጒዳይ ኦሮሞን ሶማልን ኣሸጊሩኒ። ብሓፈሻ ከኣ እቲ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዝፈጸምኩዎ ግፍዒ ከም ሓደ ኣንዳጸንህ ዝጐድእ ቊስሊ ኮይኑ ኣዝዩ ኣሳቒዩኒ። እቲ ምሳኽ ተላፊነ ኣንጻር ጀብሃ ዅናት ዝፈጸምኩዎ ከይኣክል፣ መሳፍንትን ንገስታት ኢትዮጵያን ዘይፈጸምዎ ግፍዒ፣ ኣብ ልዕሊ ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያ ዝቕመጥ ዝነበረ ህዝቢ ኤርትራ ፈጺመ። መነባብርኦም ኣዘናቢለ ብግፍዒ ንኤርትራ ጠሪዘዮም። እቲ ኣብ <u>ባዳን ጢያን ጾሮናን ባዱመን ወያኔ ዘሳወሮ ውግእ፣</u> ንስኻ ንስዑድያ ገሽካ ከሎኻ ብትእዛዝካን ኣማኸርትኻን ስለላ መርባብ ዝተወልዐ፣ ንህዝቢ ኤርትራን ኢትዮጵያን ብዙሕ ክሳራ ኣስዒቡሉ። ኣብዚ እዋን'ዚ ድማ ንተቓወምቲ ውድባት ኤርትራ ባጀት ሰሊዐ ብብሄርን ብሃይማኖትን፣ ብውድብን ብዋዕላን ወዘተ..ከምዝይቃለሱ ንኽቃለሱ ፈቲነ። ኣብዚ ቀረባ እዋን'ውን ብዓፋር ኣሳቢብና ንወደብ ዓሰብ ክንወራ ሓሲብና። ነዙይ'ውን ውድብ ዓፋር ኣጋሊጹና፣ ህዝቢ ከኣ ውዲት ምኻኑ ፈሊጡዎ። ሕጂኸ እንታይ ክንምህዝ ኢና? ህዝቢ ኤርትራ ከኣ ዋላ'ኳ ንስኻ ኣንዳጨቈንካዮ፣ ገና ኤርትራ ወይ ሞት ለኾነይ ልብልሎ። ብሓጺሩ ህዝቢ ኤርትራ "ኣላሽ ኢትዮጵያ ዓደይ" ክብል ፈጺሙ ኣይደልን'ዩ። ስለዚ ኣዚ ንህዝቢ ኤርትራ ንምጒዳእ ዝገበርናዮ ፕሮጀክት ኣይተዓወተን። ዝገበርና ኣንተገበርና ከኣ ክዕወት ኣይክእልን እዩ። ውሽጣዊ ጒዳይና ከይኣኽለና፣ መንግስቲ ኣሜሪካን ንስኻን ንሸባብ ክትሕግዙ፣ ኣነ ድማ ኣንጻር ሸባብ ንሶማል ክወርር ኣዚዞምና። ነታ ዓባይ ሶማል: ሓይሊ ናቶን ኣሜሪካን ዘይከኣላ: ንሕና ውሽጣዊ ጸገምና ዘይፈታሕና፣ዶብ ሰጊርና መሳርሒ ኣሜሪካ ኰንና ጥራይ ተሪፍና። ኣዚ ድማ ንህዝብና "ኣብ ክንዲ ሓናትስ ጽግዕ" ከምዝብሃል፣ ተወሳኺ ጸገም ኮይኑ ኣቼጢዑዎ እዩ። ስለዚ እቲ ፕሮጀክት ሶማል ኣይተኻእለን። እንደገና ከኣ ምስ ሃገር ኬንያ ኮይነ ስራሕ ኣሜሪካ እሰርሕ ኣሎኹ። ጒዳይ ኤርትራን ሶማልን ኣነን ንስኻን ከምንፈልጦ: ንቀዳሞት መርሕቲ ኢትዮጵያ'ውን ካብ ጥንቲ ጀሚሮም ክስዕሩዎ ኣይከኣሉን። ለኪሙዎም ግና። ንዓና'ውን ክልክመና እዩ። እታ ሓንቲ መዋጺኢት ክትኮነና እትኽእል፣ ክሳብ መወዳእታ ውዕል ዓሰብትና ኣኽቢርና: ገንዘብና ኣብ ስዉር ባንክታት ወጻኢ ሃገር (ኦፍ-ሾር ባንክስ) ኣግዒዝና: ዶባዊ ውግእ ኣናወላዕና: ኣብ መወዳእታ ከምታ ንመንግስቱ ዝረኸበቶ ዕጫ ህዝብና ለኻኺምና: መሊቖና ምጥፋእ ጥራይ ኢና ክንጽበ ዘሎና። መብጽዓ ስውኣትና ዘኪርና: ጠለብ ጭቈና ህዝብና ተረዲእና: ምኽሪ ወራዙትን ዓበይትን ካህናትን ሰሚዕና፣ ስልጣንና ንህዝቢ ከነረክብ እንተድኣ ወሲንና ድማ፣ እቶም ትፈልጦም ጒይቶትና: ከምታ ኣብ ልዕሊ ሳዳም ሑሴንን ዓርከኻ መዓመር ቃዛፍን ዝፈጸሙዋ ስጒምቲ፣ ኣብ ልዕልና ብዘይ ውዓል ሕደር ክፍጽሙዋ ድሕር ኣይብሉን'ዮም።

<u>መልሲ ነተን 3 ሕቶትታትካ፣</u>

1ይ) እታ ሓንቲ መዋጺኢት ክትኮነና እትኽእል፣ ክሳብ መወዳእታ ውዕል ዓሰብትና ኣኽቢርና: ምኽሪ ጒይቶትና ጥራይ እናሰማዕና፣ ንህዝብና "ዋላ ትንፈር በጊዕ'ያ" እንዳበልና እንተድኣ ብፕሮፓጋንዳ ኣደንዚዝናዮ፣ ቀጺልና ፈላሊና ክንገዝኦ ምናልባት ንኽእል ኢና።

2ይ) መብጽዓ ስውኣትና ዘኪርና: ጠለብ ጭቈና ህዝብና ተረዲእና: ምኽሪ ወራዙትን ዓበይትን ካህናትን ሰሚዕና፣ ስልጣንና ንህዝቢ ነረክብ ትብል ኣንተድኣ ኰንካ ግና፣ ግዜ ከሎና ግዜ ኣይንጸበ ሕጂ ብእዋኑ ውሳኔ ንወስን።

3ይ) ገንዘብና ብምስጢር ኣብ ባንክታት ወጻኢ ሃገር (ኦፍ-ሾር ባንክስ) ኣግዒዝና: ኣብ መወዳእታ ህዝብና ለኻኺምና ከምታ መንግስቱ ዝወሰዳ ምርጫ: መሊቖና ምጥፋእ ይሕሸና ዝብል መልሲ እዩ ዘለኒ። ብወገንካኸ ነዚ ብኸመይ ትርእዮ? ምስቶም ዓሰብትና ውዕል ከየፍረስና ከምኡ እንተቀጺልና ኣብ ስልጣን ክንጸንሕ ኢና። ውዕል ኣፍሪስና ጠለብ ህዝብና እንተድኣ ከነማልእ ጀሚርና ግና፣ እቶም ዓሰብትና ቀልጢፎም ከልግሱና'ዮም። ስለዚ ኣንታይ ንግበር ? መልሲ ካባኻ።

ምስ ብዙሕ ሰላምታ
ቀዳማይ ሚንስተር መለስ ዜናዊ